# ሌጊሙስ

ንዓኹም ነቶም ናይ ምንባብ ጸገም ንዘለኩም ዝኸውን፡ ዝስምዑ መጻሕፍቲ ዝሓዘ እዩ። ሌጊሙስ፡ ኣብ ኮምፑዩተር፡ ቴለፎን ወይ ኣብ ኣይፓድ ይንበብ።

ብሌጊሙስ ኣቢልኩም፡ ነቶም ብድምጺ ዝተመልኡ መጻሕፍቲ ተለቅሑ
እቶም ብድምጺ ንዝተመልኡ መጻሕፍቲ ንምልቃሕ መሰል ዘለኩም ዘበልኩም፡ ነቶም መጻሕፍቲ ባዕልኹም ካብ ሌጊሙስ ክተውርድዎም ትኽእሉ ኢኹም።

ቁጽሪ ሕሳብ ንኽህልወኩም እቲ ቤተ ንባብኩም ኣብ ምምዝጋብ ክሕግዘኩም እዩ። ትሕቲ18 ዓመት እንተ'ኾንኩም ድማ፡ ኣብቲ ዕለተ ምዝገባ፡ ናይ ግድን ወኪል ሒዝኩም ክትመጹ ኣለኩም። እቲ ዘለኩም ጸገም፡ እንታይ ዓይነት ምዃኑ ምግላጽ ኣየድልየኩምን እዩ።

ሌጊሙስ ኣብ ቴለፎንን ኣብ ኣይፓድን
ነቲ Legimus ዝበሃል ኣፕ ኣውርድዎ። ን iPhone/iPad ከምኡ'ውን ን Android- ዝዓይነቶም ዝኸውን ኣፕ ኣሎ።

ኣብቲ ዝኸፈትኩሞ ሕሳብ ምስ ኣተኹም፡ ኣብቲ ኣፕ ብቐሊሉ መጽሓፍ ኣውሪድኩም ክትሰምዑ ትኽእሉ።

ሌጊሙስ ኣብ ኮምፑዩተር

ኣብ legimus.se ኣቲኹም ብቐሊሉ ብቐጥታ ካብቲ ኣንባቢ መርበብ ክትሰምዕዎ ትኽእሉ። ኣብ ኣንባቢ መርበብ ሌጊሙስ ምእንቲ ክኽፈት፡ ኣብ ጐኒ እቲ መጽሓፍ ዝርከብ፡ "Läs nu" ንዝብል ጠውቕዎ።

## ብኻልእ ኣገባብ ስምዑ

ኣብ legimus.se ኣቲኹም፡ ንመጻሕፍቲ ሌጊሙስ ምእንቲ ክትሰምዕዎም ብዛዕባ ካልኦት ኣፕን መንበብቲ መደባትን ብዝምልከት ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም።

## ሌጊሙስ ክጥቀም ዘለዎ መን እዩ፧

ነቲ ዝንበብ መጽሓፍ ብዝጥዕም ኣገባብ ብጽሑፍ ክትከታተልዎ እንተደሊኹም፡ መጽሓፍ ካብ ለጊሙስ ክትልቅሑ መሰል ኣለኩም።
ብድምጺ ንዝንበቡ መጻሕፍቲ ንምልቃሕ መሰል ዘውህቡ ጸገማት እዞም ዝስዕቡ ገለ ኣብነታት እዮም።

- ጸገም ምንባብን ምጽሓፍን
- ዑረት ወይ ዓይነ-ስውርነት
- ካልኦት ኣካላዊ ጸገማት ንኣብነት ከም ጸገም ምንቅስቓስ ዝኣመሰለ
- ጸገም ስነኣእምሮኣዊ ብስለት
- ኒይስያትሪካዊ ጸገማት

ዝወረደኩም ጸገም ግዚያዊ እንተኾነ'ውን፡ እቶም ብድምጺ እተመልኡ መጻሕፍቲ ናይ ምልቃሕ መሰል ግን ኣለኩም። ብቤተንባብኩም ኣቢልኩም እምበኣር ግዚያዊ ሕሳብ ሌጊሙስ ከምዝኽፈትልኩም ትገብሩ።

ካብ ቋንቋ ሽወደን ዝተፈልየ ካልእ ቋንቋ እንተለኩም

ካብ ቋንቋ ሽወደን ዝተፈልየ ካልእ ቋንቋ እንተለኩም፡ ናይ ምንባብ ጸገም ዘለኩም ኣይቁጸርን እዩ። ብቛንቛኹም'ውን ናይ ምንባብ ጸገም እንተለኩም ግን ብቛንቛ ሽወደን ይኹን ብኻልእ ዝተዳለዉ ብድምጺ ዝተመልኡ መጻሕፍቲ ናይ ምልቃሕ መሰል ይህልወኩም።